# ኣምባሳደር ሳሌም ኣብራሃለይ ምስ ኣምባሳደር እስቲፋኖስ ሃብተማርያም ተራኺባ

ሳሊም ኣብራሃለይ ትባሃል ኣብ 2005 ኣብ ከተማ ሮማ ተወሊዳ ኣብዚ እዋን ዚ ኳል 10 ዓመት ኮይና ኣብ ከተማ ለንደን ትነብር ኣላ። ኣቃራርብኣ ኣዝዩ መሳጢ እዩ ክትዛረበካ እንኽላ ፍሽኽ እናበለት ትዛረብ ተውህቦ ናይ ምርድዳእ ወኒና እያ።ሓደ ምዕባያ ሓዊ ከምዘሎዋ ትዛረብ ምስ ስድራቤታ ዘሎዋ ፍቕሪ ልዑል እዩ።እቲ ጽይፍ እናበለት ትዛረቦ ቛንቛ ትግርኛ ኣዝዩ መቕረት ኣሎዎ።ሳሌም ንሓደ ነገር ንክተረዳኣካ ኣይጽግማን።



ካብ ስድራቤታ ሰነ/ሰርዓትን ሰነ/ምግባርን ጥራይ ኣይኾነትን ተማሂራ ብህጻና እንኽላ ድሮ ሃገራዊ ሰሚዒት ሓዲርዋ እዩ።ህጻን ሳሊም ንኤርትራ ክትገልጻ እንከላ ከም መሬት ዓዲ ኣቡኣን ኣብ ግዜ ዕረፍታ ቀንዲ መዛወሪኣ ምኻኑ ትጠቕሰ ትዕልልን ዕላላ ዝተወሳሰበ እዩ ጽባቀ ኤርትራ ሰላም ኤርትራን ኣብ ሓደ ሓሳብ ኣጣሚራ እያ ትገልጸልካ።ኤርትራ ጥዑም ኣየር ከምዘሎዋ ሰላም ዘሎዋ ሃገር ምኻናን ስድራቤታን ቤተሰባን ዝርኽብዋ ሃገር ከምዝኾነት ደጋጊማ ትገልጽ ነቲ ጽቡቕ ማሕበራዊ ሂወት ናይ ኤርትራ ግርም ጌራ እያ ተረዳኣካ። ኣብ ኤርትራ ህጻናት ብዘይ ሓለዋ ስድራቤቶም ከምዝጻወቱን ከምዝዛናግዑን ሕሉው መሰል ህጻናት ከምዘሎ ፍሽኽ እናበለት ተዘንቱ ህጻናት ከምትፈቱን ኣብ ኤርትራ ዘሎዉ ህጻናት ንዘሎዎም ጽሬትን ሰነ/ምግባርን ኣብ ትምህርቲ ዘሎዎም ተገዳስነት ተድንቕ። እዚ ኣብ ሃገራ ዘሎ ጥዑም ጸጋ ክዝረግ ኣይትደልን እያ ዝኾነ ኣንጻር ኤርትራ ዝዛረብ ሰብ ንሳሌም ቁጽሪ ሓደ ጸላኢኣ እዩ።ሳሊም ዝኾነ ጸላኢ የብላን ንኩሎም ደቂሰባት ብማዕረ ትፈቱ ንእንስሳታት ድማ ልዑል ኣቕቡሮት ኣሎዋ ኣንጻር ኤርትራ ዝዛረብ ግን ወይልኡ እዩ ብሳሌም!!

ህጻን ሳሌም ኣንጻር ኤርትራ ዝኻየድ ጸለመታት ዋላ እ'ኳ ከም ህጻን ብዕምቆት ኣይትፍለጦ ኣንጻር እታ እትፈልጣ ሰላም ዘሎዋ ሃገር ብምኻኑ ጥራይ ብጣዕሚ ይሕርቃ።ሳሌም ልክዕ ከም ፍቕሪ ወለዳ ፍቕሪ ሃገር ኣሎዋ።

ሓደ ምሸት ወላዲታ ኣብ ኢዳ ብዙሕ ወረቓቕቲ ሒዛ ሪኣታ፣ ሳሌም ንወላዴታ ብዛዕባ እቲ ሒዛቶ ዘላ ወረቃቕቲ ምስ ሓተተታ፣ ወላዲታ ድማ ንሳሌም ንምርዳእ ብቀሊል መንገዲ፣ ንኤርትራ ሃገርና ዘይሰማ እናሃቡ ከጽልሙ ዝውዕሉ ሰባትን ሃገራትን ኣሎዉ።እቲ ምክንያት ድማ ንሰላም ናይ ኤርትራ ንምዝራግ ምዃኑ ንሳሌም ኣላ ሓቢራታ ነዚ ንምቅዋም ድማ እዚ ሒዘዮ ዘሎኩ ወረቃቕቲ ፒትሺን እዩ ዝባሃል፣ ንኹሎም ፈተወቲ ኤርትራ ኣፈሪመ ድማ ኤርትራ ሃገር ሰላም!! ሃገር ልምዓት!! ምዃና ንምግላጽ ምኾኑ ደጋጊማ ንሳሌም ገሊጻትላ። ህጻን ሳሌም እታ ምጭውቲ ከተማ ኣስመራ ሰላማ ክዝረግ እቶም እትፈትዎም ኣብ ኤርትራ ዝተላለየቶም ህጻናት ክሻቀሉን ክበኽዩን ተራኢማ ሳሌም ከም ህጻን ደሚራ ኣርቢሓ ክትርደኦ ዘይኻኣለት ሕንቅልሕንቅሊተይ ኣጉሂዋ።ምሉእ ምሸት ስለምንታይ ክትብል ሓዲራ ቅሩብ ድማ ነቢዓ ንብዓት ናፍቖት ሃገራ!!



ሳሌም ኣብታ ህሞት እቲኣ ንኩላቶም እንግልዛውያን ካለኦት ወጻእተኛታት ኣዕሩኹታ ኣብ ኣዕንታ ቁጅል ኢሎማ ። ኩሉ እቲ ኣብ ኤርትራ ምስ በጽሐት ኣብ ኤርትራ ንዝሕለፈቶ ጽቡቕ ሂወት ብዕላልን ስእልን ተርእዮም ዝነበረት ጽቡቕ ኩነታት ብበሓደ ተራኢዋ፣ ህጻን ሰለዝኾነት ናብ ካልእ ክጠርዕ ኣይትክእልን እያ፣ እቲ እንኾ ምርጫኣ ድማ ናብ ወለዲ ማሓዙታን ኣዕሩኩታን ናብ ወለዲ ጓረባብታን መምሃራናን እናዞረት ነታ ትፈትዋ ሃገራ ኤርትራ ክድግፉን ኣንጻር ኤርትራ ዝኾነ ዓይነት መርገጺ ክነጽጉ ክተርድአ ን21 መዓልታት ደኪመ ከይበለት ተንቃሳቒሳ ብዙሓት ጉዱሳት መምሃራን ኣበሃህላ ናይ ሳሌም ክርድኡ ኪኢሎም እዮም፣ ምክንያቱ ኩሎም ዝረኸበቶም ብዕድመ ዓበይቲ ብምዃኖም ኣብ ርእሲ ኤርትራ ዝፍጸም በደል ብዜናን ገጻት ኤንተርኔትን ሰለዝኸታተልዎ ክርድእዎ ኣይጸገሞምን፣ ንሳሌም ድማ ኣብቲ ሒዛቶ ትዘውር ዝነበረት ወረቐት ፐቲሺን ናይ ደገፍ ክታሞም ምስ ኣድራሽኦም ክንብሩላ ጀሚሮም፣ ሳሌም ክትሕጉስ ጀሚራ ምክንያቱ ንኤርትራ ሃገራ ዝድግፉ ብዙሓት ሰባት ሰለዝረከበት 171 ወጽእተኛታት  ኣፈሪማቶም።ሳሌም ድማ ንነብሳ ናይ ኤርትራ ኣምባሳደር ኢላ ኣእሚናታ ናይ በሓቂ ድማ ናይ ህጻናት ኣምባሳደር እያ።ብዕለት 03 ሰነ 2016 ድማ ነቲ ብተልእኮ ማሕበረ ዝተዋህበ ዕማም ሳሌም ዝገበረቶ ኣሰተዋጽኦ ንምግላጽ ነቲ መዘነኣ ዝኾነ ኣምባሳደር እስቲፋኖስ ሃብተማርያም ክትረኽቦ ወሲና። ኣምባሳደር እስቲፋኖስ ሃብተማርያም ድማ ነዛ ገና ህጻን እንኸላ ዝገበሮቶ ኣበርኽቶ ብምንኣድ ምስቲ ዘሎዎ ረዚን ስራሕ ዓቢ ክብሪ ሂብዎ፣ ሓቂፉ ሰዒምዋን ኣተባቢዕዋን ብሓባር ስእሊ ተሳኢሎም። ንርብዒ ሰዓት ድማ እዞም ክልተ ኣምባሳደራት ብዛዕባ ኩነታት

**ሃገሮም ዘትዮም። ኤርትራውያን ንሃገርና ኣምባሳደራት ምኻና ሓደ ኣብነታዊ ሰራሕ ናይ ህጻን ሳሌም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይሰጋገር ምህላዉ ዓቢ ምስክር እዩ።**

**ዓወት ንሓፋሽ!!**

**ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ዓባይ ብርጣንያ**